# ኤርትራ ሃገረይ ትሽዓተ ሰራውራ።

ኤርትራ ሃገረይ ትሽዓተ ሰራውራ፣
ኣብ ኩሉ ተዘርጊሑ ጽንዕቲ ዝገብራ፣
ትኽ ኢላ ክትረግጽ ብዘይ መከራ።

ኣብ ሃገር ዘሎ ኣካውሕ ይፍንቅል፣
ጉዕዞ ከደላድል ዓቕብ ይኹን ቁልቁል፣
ድኽነት ከብቅዕ ንሂሩ ከንቆልቁል።

ኤሮፓ ዘሎ ኣጆኺ ይብል ኣሎኹ ምሳኺ፣
ይምከት ነቶም ዝቃወሙ ከጸልሙ ንዓኺ፣
ሰራሕ ተኣምር ውላድ ኣፍሪኺ።

ኣመሪካ ዘሎ ይሰርሕ ንድልዳለኺ፣
ኣደ ሓንቲ እያ መን ኣሎዎ ብጀካኺ፣
ሃሙን ቀልቡን ኣሎ ኣብ ጎንኺ።

ማእከላይ ምብራቕ ዘሎ ይኾርዕ ባኣኺ፣
ሃገረይ ማዓረይ ኣሎኹ ኣጆኺ፣
ተስፋ ከቕብጾም እየ ኩሎም ጸላእትኺ።

ይብል ኣሎ ኣብ ኣስያ ዝወፈረ፣
ጸላእትና ይጥዓሞም ደም ዕረ፣
ኣይፈትሕን እየ ሓንሳብ ዝተዓጥቀ ስረ።

ቁሩብ ቁጽሩ ተሪር እምነቱ፣

ኣብ ላቲን ኣመሪካ ኣሎ ተባዕ ሓሞቱ፣

ሃገር ወይ ሞት ዝብል እምነቱ።

ተዋፊሩ ዘሎ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ፣

ታሪኽኪ የንጸባርቕ ብኹሉ ቛንቛ፣

ሓሶቶም የጋልጽ ናይቶም ዘይብሎም ጣቛ።

ሃገረይ ዉላድኪ የለን ዘይኺሕኩሓ ማዕጾ፣

ነቲ ልክዕ ምስልኺ መታን ክገልጾ፣

ንኹሉ ይምክት ከከም ዝመግጽኡ።

ኣብነታዊ ተግባር ናይቶም ተቐበልቲ ሕድሪ፣

ብሽግለኣዊ ጉዕዞ ካብ ስዊደን ንጀነቫ ብናህሪ፣

ኤርትራውነት ኣርእዮም ንዓለም ብግብሪ።

1700 ኪሎ ሜተር ጉዕዞ እቶም ጀጋኑ፣

ንዕኦም ዝረኣዩስ እንታይ ኮን ይብሉ ይኾኑ፣

እንቛዕ ብሰላም መደቦም ዛዘሙ።

ቃልስና ኮይኑ ኣብነት ንዉጹዓት፣

ንገጥሞ ንኹሉ ዓማጺ ስርዓት፣

ቁኑዕ መተከል ዝሓዘ የቡሉን ስጋት።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።

04-16-2015.